


# ብሥራት መድኃኔ ዓለም

## መድኃኔ ዓለም ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ሥርዓተ ግዕዝ

## ቤተክርስቲያን ኤርትራ ሰበኻ ኣርሊንግቶን

### መልእኽቲ ቆሞስ


መውጽኢ (1)
መልእኽቲ ቆሞስ (1)
ምሥጢራት ዝርኢ (6)
ብሥራት (ደሃይ) (8)
(መኣዲ ቃለ እግዚኣብሔር (17)
መደብ ቁምስና (19)
ቤት ትምህርቲ ሰንበት


Medhanie Alem Sunday School (MASS)

~~~~~~~~~~~~~~


Parish Council Comunication Contact:

TEKLEAB BRHANE
(703) 795-6914
TEWELDE WE/GHEBRIEL
(202) 271-3804

Or send e-mail to:
medhaniealem.geezrite@gmail.com


**ለቡ፡** ተወሳኺ ንቅዳሴን ካሊእ ኣገልግሎት ቤተክርስቲያን ን



**YEMANE NEGASH**
(202) 674-1013


ክትውከሱ ትኽእሉ።

**‘ገበርቲ ሰላም፡ ውሉድ ኣምላኽ ኪበሃሉ እዮም እሞ፡ ብጹዓን እዮም።’**

***ማቴ.5:9***

**ኣብ ሕይወትና ምስ ክሉ ብሰላም ንኽነብር ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና ሓደ ጥዑይ ዝኾነ ርክብ ምስ ኣኅዋትናን ኣኅትናን ክንምስርት ይግበኣና። ኣብ ሕይወትና ሓደ ሰብ በዲሉኒ፡ ጎዲኡኒ ንብል እንታይ ማለትና ኢዩ፧**



*(ናብ 3ይ ገጽ ይቅጽል)*
~~~~~~~~~~~~~~



መድኃኔ ዓለም ካቶሊካዊት ሥርዓተ ግዕዝ
ቤተክርስቲያን ኤርትራ
ሰበኻ ኣርሊንግቶን

*Medhanie Alem Ge'ez Rite*
*Eritrean Catholic Community*
*Diocese of Arlington*

# Important Parish Information

GENERAL GUIDELINES: Membership in Medhanie-Alem Parish should be done in a formal manner. All families are required to register by filling out their full names and addresses on the Registration Form. These are available from the parish office, or at the back of the Church. The Catholic Church requires that each member of a parish, to the extent allowed by his income, support the day-to-day running of the parish's pastoral activities.

## SACRAMENTS and PASTORAL CARE

Baptisms: Please telephone your Pastor at the office to make an appointment. Parents and godparents are required to attend a class in preparation for the celebration of this Sacrament: godparents please note - It is most important that you make sure your godchildren are receiving proper religious training and that they are going to Church and are enrolled in, and attend, religious education classes at their Church. You made a vow to this purpose at their Baptism.

Marriages: It is the policy of the Dioceses of Arlington that couples proposing to marry must first contact, or see, a priest or deacon at least six months before the date on which they intend to marry. The Church desires to help couples prepare a good foundation for a lifelong commitment to this sacred vocation of Marriage. Your pastor will make arrangements for you to attend Marriage Preparation classes. All Catholics are bound to observe the laws of the Church concerning marriage.

Confessions: are heard on Sundays from 2:00 pm to 2:25 pm. before the start of the Divine Liturgy, and any other times by appointment.

Funerals: Contact your pastor at the parish office to make arrangements.

## መልእኽቲ ቆሞስ

*(ካብ ቀዳማይ ገጽ ዝቐጸለ)*

**ምሉእ ብምሉእ ክንርድኦን መፍትሒ ክንረኽበሉን ነቲ ስለምታይ ዝብል ሕቶ ክንምልስ ይግባእና። ንኣብነት፡- ኣብ መንገዲ ሓደ ሰብ ክኽትረካ ከሎ ወይ ኣኽብሮት ክጉድለልካ ከሎ ተሓርቕዶ፤ ትሓዝንዶ፤ ስለምንታይ፤ ስለዘይኽበረካ ወይ ስለዝከተረካ፤ እዚ ብምግባሩ ወላሓንቲ ሳዕቤን ኣብ ሕይወትካ የብሉን።**

**ካብቲ ናይ ምንባርካ ዘለካ መሰል ወላሓንቲ ኣየጉደለልካን፡ ግና የገድሰካ፡ የጨንቕካ፡ ስለምንታይ፤ ኣንነት – ፍርሃት – ኣኽብሮት – ቁጣዓ- ምውጣን ወዘተ እዚኣቶም ብኽመይከ ነንሕድሕዶም ይራኸቡ፤ ኣብዚ እዞም ቃላት እዚኣቶም ኣብቲ መዓልታዊ ሕይወትና ብኽመይ ንገዛእ ርእስና ከምእንርኢ፡ ብኽመይ ምስ ዓለም ኣብ እንዋሳኣሉ ይጸልዉና ምርዳእ የድሊ።**

**ኣብ ሕይወትና ሕጉሳት ንኽንከውንን ሓደ ሕጉስን ሱቡቕን ዝኾነ ዝምድና ክንምስርትን፤ ሚዛናዊ ዝኾነ ሰነ ኣእመራዊ ኣተሓሳስባ ንኽህልወና፡ ብዛዕባ ገዛእ ርእስና ጹቡቕ ስሚዒት ክህልወና ኣለዎ። እዚ ማለት ንገዛእ ርእስና ክነፍቕር ኣለና። ገዛእ ርእስኻ ምፍቃር ማለት ከአ ኣብ ገዛእ ርእስኻ እትተኣማመን ሰብ ኮይንካ ምርካብ ማለት ኢዩ።**

**ርእሰ ተኣማንነት እምበኣር ውጺኢት ናይቲ ሕይወትካ ብኽመይ ትነብሮ ኢዩ። እዚ ከአ ገዛእ ርእስኻ ብምኽባር ኢኻ ትረኽቦ። ምኽንያቱ ንገዛእ ርእስኻ ዘይተኽብር እንተኮይንካ ንገዛእ ርእስኻ ክተፍቅር ኣይትኽእል ኢኻ። ንገዛእ ርእስኻ ዘይተፍቅር ከአ ንኻልኦት ክተፍቅር ኣይትኽእልን ኢኻ።**

**ሰባት ከመይ ጌሮም ኢዮም ናይ ገዛእ ርእሶም ኽብሪ ዝሕልዉ ወይ ገዛእ ርእሶም ዘኽብሩ፤ነፍሲ ወከፍና ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና ውሳኔታት ንገቢር ኢና። ክንውስን ከለና ኽእ እቲ ንውስኖ ቅኑዑ ኢዩ ኢልና ኢና እንኣምን። በዚ ውሳኔ እዚ ከኣ ንሕጎስ። እዚ ውሳኔ እዚ ጌጋ ምኻኑ ምስ ተረዳእና ግና ንሓዝን። እዚ ነቲ ኣብ ገዛእ ርእስና ዘለና ተኣማንነት ኣኽብሮት የጎድል፤ ተስፋ ንቖርጽ**

ማለት ኢዩ። ስለዚ ኣብ ሕይወትና ጽቡቅ ንኽስመዓና ጽቡቅ፡ ሰናይ ተግባራት ውሳኔታት ክነዘውትር፡ ክንገቢር ይግበኣና። ኣብዚ ሰናይ ተግባራት መንፈሳዊ ዕባገበት ጥራይ ዘይኮነ፡ ካብቲ ሰናይ ተግባራትና ስጋዊ ዕጋበትን ዕረፍትን ኣለና። ሓላፍነት ዝመልኦ ስራሕ ክንሰርሕ ከለና ኣኽብሮት ንረክብ፡ በዚ ከኣ ርእሰ ተኣማንነት ነጥሪ።

ስለዚ ጽቡቕ ምግባር ነቲ ናትና **ኣእምሮ፡ መንፈስ ይምግቦ፡ የዕግቦ፡ ሰላም ይህቦ።** ርእሰ ኣኽብሮትን ርእሰ ተኣማንነትን ተጥሪ ማለት ኢዩ። ኣብዚ ከኣ ርእሰ ኣኽብሮት ገዛ እርእስኻ ምቁስጻርን ይራኽቡ። ንገዛእ ርእስና ዘይነኽብር እንተኮይና፡ ሓቀኛ ፍቕሪ ርእስና ክህልወና ኣይክእልን ኢዩ። ከም ውጽኢቱ ነቲ ጎዲሉና ዘሎ ንምምላእ ፍቕሪ ካብ ካልኦት ንደሊ ያ፡ ማለት ካባና ወጻኢ ንደሊ ያ።

ስለዚ ኣብ ገዛእ ርእስና እንተ ዘይረኺብናዮም ካብ ካልኦት ክንረኽቦ ንጽዕር ወይ ንደሊ። ንገዛእ ርእስና ዘይነኽብር እንተኮይና፡ ሓቀኛ ፍቕሪ ርእስና ክህልወና ኣይክእልን ኢዩ። ስለዚ ፍቕሪ ካብ ካልኦት ክንረኽባ ንጽዕር" ኢልና ነርና። ካልኦት ክብረት ክህቡና እንተ ኪኢሎም ርእስና ክነኽብር ከምዘለና ይስመዓና፡ እዚ ስምዒት እዚ ከኣ ንገዛእ ርእስና ከም እነፍቅር ይገብረና። ርእሰ ተኣማንነት ዝለዚ ገዛእ ርእስኻ ካብ ምፍታውን ካብ ክብሪ ርእስካ ኢዮም ዝነቕሉ።

እቲ ክፉል ሕይወትና ናይ ገዛእ ርእስና ክብረት ካብ ካልኦት ዝደሊ ወይ ሓሰስ ዝብል፡ እዚ ዓይነት ባሕሪ ፈታዊ ርእሱ፤ ኣነ በሃልይ ሰብ ኢዩ። እዚ ባህሪ እዚ ሰባት ከመይ ጌሮም ክርእዩና ከምዘለዎም እንውጥኖ፡ እንደልዮ ወይ ሃረር እንብሎ ኢዩ። ኣብዚ ሰባት ብዛዕባና ዘለዎም ርእይቶ ኣውንታዊ እንተኮይኑ ንሕጎስ፡ ኣብ ገዛእ ርእስና ተኣማንነት ነሕድር ንገዛእ ርእስና ክነፈቅር ንጅምር። ኣሉታዊ ኮይኑ ከኣ ሕማቅ ይስመዓና። ኣብ ገዛእ ርእስና ዘለና ኣክብሮት ይጎድል፡ ንገዛእ ርእስና ክነፍቅር ከኣ የጸግመና። ኣብዚ ከኣ ጠባይና ረቋቕ ይኸውን። ኣብ ውሽጥና ፍርሂ ንፈጥር ስለዚ ሰብ ክሓርቕ እንተረኣናዮ ዝለዝፈርህ ጥራይ ኢዩ። እቲ ፍርሁ

እዚ ካበይ እዩ ዝመጽእ እንተበልና፡ እቲ ናይ ምቕፅፃር ሓይሉ ደኺሙ ኣሎ ማለት ኢዩ።

ስለምንታይ እዩ ቁጠዓ ስምዒታዊ መልሲ ክኸውን ዝኽእል፧

ቁጠዓ ናይዚ ኩሉ ውጽኢት ወይ መልሲ ኢዩ። መሰረት ናይ ሕርቃንን ቁጣዓን ይኸውን። ካብ ካልኦት ክብረት ኣቃልቦ እንተዘይረኺብና፡ ንሓርቅን ንቁጣዕን። ምኽንያቱ ንገዛእ ርእስና ንምርኣይ ዘለና ድልየትን ሃረርታን ይጎድእ። እቲ መግቢ ንእእምሮናን መንፈስናን ክምግብ ዘለዎ የቃርጸና ስለዘሎ።

እዚ ሓይሊ እዚ ነቲ ናይ ገዛእ ርእስና ምቁጽጻር ዘለና ክእለት ይዘርገልና። እቲ ነዚ ድኽመት (ገዛእ ርእስና ምቁጽጻር) እዚ እንህቦ ስምዒታዊ መልሲ ከኣ ፍርሂ ይኸውን። ነቲ ፍርሂ ከኣ ኣካላትና ወይ ኢቲ ኣንነትና ብቁጥዓ ክክሕሶ ይፍትን። ማለት ስነ ኣእምራዊ ነቲ ርእስኻ ንምቁጹጻር ኣጢፊኢካዮ ዘለኻ ክእለት ወይ ዓቕሚ ንምትካእ ዝግበር ፈተነ ኢዩ። ብቁጠዓ ወይ ሕርቃን ክትኽሕሶ ወይ ክተዕግሶ ትጽዕር ወይ ትፍትን።

ናይዚ ኩሉ መሰረታዊ ኣሉታዊ ስምዒት፧ ማለት ቅንኢ፡ ህርፋን፧ ቁጠዐ ወዘተ ፍርሂ ኢዩ። መሰረት ናይ ፍርሂ ኸአ ትሑት ዝኾነ ርእሰ ተኣማንነት ኢዩ። ዝለዚ ኢና እቶም እንቁጣዕ ሰባት ትሑት ተኣማንነት ገዛእ ርእስና ዘለና። ስለዚ ተኻታዕቲ፡ ነቓጻት ኮይና ንነብር። ንሰባት ንምምሓር የጽግመና። ቁጠዓ ሓያላት ኮይና ክም ዝስመዓና ይገብር። ነጻ፡ ነብስና እንቆጻጸር ዝኾነ ስምዒትን ሕልምን የሕድረልና፡ በንጻሩ ግና ካብ ገዛእ ርእስና ወጺና ርእስና ኣብ ዘይንቃጻጸረሉ ኩነታት ኢና ዘለና።

እዞም ሰባት እዚኣቶም እምበኣር ናይ ገዛእ ርእሶም ኣኽብሮት ንምርካብ፡ እታ **መጀመርታ ዝገብሩዋ እንታይ ኢያ ሰባት ምውንጃል፡ ኣብ ምፍራድ** ይተግሁ። ኣብ ኣሕዋቶም ኣውንታዊ ነገራት ኣይረኣዮምን። እዚ ብምግባር ከኣ መሊሶም ክብረቶም የጥፍኡ። ኣብዚ ክንርድኦ ዘለና ግና ብሓቂ ነሕዋትና ኣኃትና ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና ክነውድቅ እናጸዓርና ካብ ሰባት ክብሪ ክንረክብ

ሓጎስ ክነርክብ ኢልና ኣይንሕሰብ። ዝያዳ እካ ደአ ካብ ኣጎዋትናን ኣኃትናን ተነጽሎ የጋጥመና። እዚ ጥራይ ዘይኮነ ገዛእ ርእስና ከም እንጸልእውን ይገብረና። ስለዚ ካብ ኣኃዋትናን ኣኃትናን ክብሪ እንረክብ ሰናይ ተግባራት ብምግባር ኢዩ። ኣብ ሕይወትና ብዙሕ ጽልእን ዘይምስምማዕን ክንኣሊ ንኽእል ኢና። ኣብቲ ናትና ምስ ሰባት ዘለና ኣቀራርባ ይውሰን።

ኣብ ሕይወትና ንነገራት ወይ ጸገማት ካብ መጀመርትኦም ክንኣሊዮም ክንጽዕር ይግበኣና። ሓደ ጸገም ወይ ኩነት ቅድሚ ምጅማሮም ኣተሓሕዛ እንተ ኣሰቢኽናሎም ቅድሚ ጸገም ቅድሚ ምልዓሉ ክንዓጽዎን ንኽእል ኢና ማለት ኢዩ።

ዝኸበርኩም ኣጎዋት ኣኃት ኣብዚ ክንርድኦ ዘለና ዝምድና ወይ ጥዑይ ርክብ ሰላም ዝምስረት ኣብ እምነት፡ ሓቅነት/ ቅንዕና፡ ክብሪ ወዲሰብ ብምሕላውን ኢዩ። እግዚኣብሔር ኣምላኽ፡ እግዚኣብሔር ኣምላኽ እንዳበልካ ኣይኮነን። እንታይ ፍቓድ እግዚኣብሔር ኣምላኽ እናፈጸምካ።

ኣብ ዝኾነ ኩነታት ሕይወት ሃሉ ምስ ገዛእ ርእስካን ምስ ኣጎዋትካን ብሰላም ንኽትነብር ካብ ባእስን ክርክርን ክትርሕቅ ኣለካ። ነቶም ዘጋኑፉኻ ጸጋማት ከይ ወዓልካ ከይ ሓደርካ ክትፈትሖም ጸዓር። "ኣብ ክራኹም ጸሓይ ኣይ ዕረብኩም" ውልቃዊ ጠባያትካ ኣብ ሓጺር ግዜ ፍትሓዮም፡ ብኸመይ እንታይ መገዲ ንጠቀም፡ ሓደ መምህር ነይሮም — ሰባትሲ ይንዕቑኒ ኣነ ከምዝንዕቖም ግና ዘይፈልጡ። እቲ ዘሕዝነኒ ኸኣ እዚ "ኣነ ከም ዝንዕቖም ዘይምፍላጦም ኢዩ ይብሉ ኔሮም።

ሓፈሻዊ መምርሒ ክኾኑና ዝኽእሉ እዞም ዝስዕቦ ክንርኢ ንኽእል። ንኣብነት ሰባት ብዘይ ዝኾነ ምኽኒያት ክጸልኡኻ ክርከቡ ይኽእሉ ኢዮም። እዚ ግና ክንፈልጦ ዘለና ዝለ ዘይደለዩኻ ወይ ስለ ዝጸልኡኻ ኣይኮኑን፡ ንገዛእ ርእሶም ከምቲ ዝግባእ ስለ ዘይፈተዉ ዝለዘየፍቅሩን ጥራይ ኢዩም። ሓደ ሰብ ዕቡይ፡ ምኩሕ፡ ዘይእሩም፡ ንሰባት ኣኽብሮት ዘይብሉ፣ ከም ሓቂ ንገዛእ ርእሱ ክብርን ፍቕሪን ዘይብሉ ሰብ

ኢዩ። እቲ ንኻልኦት ክብረት ዘይህብ ወይ ዘይብሉ ንገዛእ ርእሱ ዘየኽብር ጥራይ ኢዩ። እቲ ንኻልኦት ሰላም ዝኸልእ ንገዛእ ርእሱ ሰላም ዘይብሉ ጥራይ ኢዩ። ውሽጣዊ ሰላም ሓደ ካብቶም ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና ክንውንኖም ክንጽዕር ዘለና ኣድለይቲ ህያብ እግዚኣብሔር ኢዩ።

እዚ ሕያብ እዚ ብምርካብ ኢና ንሕና ኣብቲ ሓቀና ፍቕሪ ርእስናን ኃውናን ክነብር እንኽእል። በዚ ጥራይ ኢና ነቲ ትእዛዝ ኣምላኽናን ጎይታናን ኣብ ግብሪ ክነውዕሎ እንኽእል። ሰላም ኣብ ቅድሚ እግዚአብሔር ሓጎስ፡ ቡራኬ፡ ኢዩ።

ኢየሱስውን እንተኾነ እታ ቀዳመይቲ ካብ ሞት ምስ ተንሥአ እታ ቀዳመይቲ ቃል ንሓዋሪያቱ ዘስምዖም " ሰላም ንዓኻትኩም ይኹን" ዝብል እዩ። ዝለዚ ምንጪ ሰላምና ሓጎስናን እንታይ ኢዩ እመነትና ኢዩ። እቲ ጎይታና ኣምላኽና ምንጪ ሰላምና ኢዩ። ሰላም ኣብ መንጎ አሕዛብ ንምትካል ከአ ካብ ሰማየ ሰማያት ወሪዱ ኣብ መንጎና ሓዲሩ ሰላም ገበረ። "ኣምላኽ በቲ ወዱ ኣብ መስቀሉ ዘፍሰሶ ደም ገይሩ ሰላም ገበረ፥ ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎን ኣብ ሰማያት ዘሎን ዘበለ ኹሉ ኸአ ምስ ገዛእ ርእሱ ዓረቐ"። ቆላ.1:20

ጎይታይ ናይ ሰላምካ መሳሪሒ ግበረኒ ይብል ቅዱስ ፍራንቸስኮ። ብዙሕ ግዜ ሰባት በዲሎሙና ኢልና ብዙሕ ንሓዝን ንጭነቕ፡ ሰባት ኢና ስለምንታይ ኢልና ንገዛእ ርእስና ንሓትት መልሲውን ንስእነሉ ግዜ አሎ። ግና እቲ በዳሊና ካባና ንላዒ ከም ዝጭነቕ ምርዳእ የድሊ። ካባና ንላዕሊ ድቃስ ከም ዝስእን ምርዳእ የድሊ። አይድቅስን ኢዩ፡ ውሽጣዊ ቅልውላው አለዎ። ከምውጽኢቱ ኣብ ዕግርግር ይነብር።

ስለዚ ንሕና ኣብ ቅድሚ እዚ ሰብ እዚ ሞራላዊ ሓላፍነት አለና ክንሕግዞ። ከመይ ነዚ አንበሳ ዝስምዖ ዘሎ ሓውና ወይ ሓፍትና ናብ ሓደ በጊዕ ክንቅይሮ ንኽእል ኢና። ብተግባራትንን ብምስክርነትና። ሽለል ብምባልናን። ሓደ ሰብ ንገዛእ ርእሱ ዘይፈቱ እንተኮይኑ፡ ፍቕሪ ገዛእ ርእሱ ይኹን ኣበ ገዛእ ርእሱ ተአማንነት ክህልዎ አይክእልን ኢዩ። ስለዚ ኩሉ ግዜ ብስክፍታ ይነብር።

ሰላም ናይ ካልኦት ክዘርግ ይኽእል። ፈቲዩ ኣይኮነን ኣብ ውሽጡ ሰላም የብሉን። ውሽጣዊ ሰላም የድሊዮ። ፍርሂ እምበኣር መሰረት ናይ ሕርቃንን ቁጣዓን ውጺኢት ኢዩ። ነቲ ፍርህና መልሲ ኸአ ቁጠዓ ኢዩ።

ስነ ኣእምራዊ ነቲ ርእስኻ ናይ ምቁጽጻር ኣጢፊኢካዮ ዘለኻ ክእለት ወይ ዓቕሚ ንምትካእ ዝግበር ፈተነ ኢዩ። ብቁጠዓ ወይ ሕርቃን ክትኽሕሶ ወይ ክተዕግሶ ትጽዕር ወይ ትፍትን። ስለዚ ሕይወት ወዲ ሰብ ከምዚ ከም ዝኾነ እንተ ተረዲኢና ክንሕግዞ ጥራይ ኢዩ ዘለና።

ዝኾነ ሰብ ገዛእ ርእሱ ጽቡቕ ንኽስምዖ፡ ናጽነት ክስምዖ ወይ ክህልዎ ኣለዎ። እዚ ገዛእ ርእስኻ ዘይምቁጽጻር እምበኣር ንሰብ እቲ ናጽነቱ፡ እቲ ናይ ምቁጻጻር ክእለቱን ይሰርቆ። ከምውጽኢት ከኣ ጽግዕተኛን ፈራህን ይገብሮ። “እምበኣር ብእምነት ካብ ጸደቕና፥ ብጎይታና ብኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ኣምላኽ ሰላም ኣሎና። ብእኡ ኸአ ናብዚ ሕጂ ዘለናዮ ጸጋ ብእምነት ኣቶና፥ ብተስፋ ተኻፈልቲ ኽብሪ ኣምላኽ ስለ ዝኾናውን ንምካሕ ኣለና”። ሮሜ.5፡ 1-2

ብዙሕ ግዜ ብዛዕባ ሰላም ክንዛረብ ከለና፡ ሰላም ኣብ መንጎ ኣሕዛብ፡ ሃገራት፡ ኣብ መንጎ ሃይማኖታት ወዘተ ኢና ንሓስብ። ቃል ኣምላኽ ግና እቲ ቀዳማይ መሰረታውን ሰላም ክንዛረበሉን ክንሓስበሉን ዘለና ብዛዕባ ሰላም ኣብ መንጎ ሰማይ ምድርን፤ ኣብ መነጎ እግዚኣብሔር ደቂ ሰባትን ዘሎ ርክብን ሰላምን ክንሓስብ ይጽወዓና።

ሎሚ ኸአ ነዚ ክነስተንትን ኢና ንዕደም ዘለና። ካሊእ ኩሉ ካብኡ ኢዩ ዝምንጨ። ኣብዚ ታሪኽ ኣዳምን ሔዋንን ክንርኢ ንኽእል። ስጋብ ኣብ ትሕቲ እግዚኣብሔር ተኣዚዞም ዝነበሩ ሰላምን ቅሳነትን ነበሮም። ንትእዛዝ እግዚኣብሔር ሸለል ኢሎም ክጎዓዙ ምስ ጀመሩ ግና ሰላሞም ይዝረግ። ምስ እግዚኣብሔር ዝነበሮም ሓሊዮትን ርክብን የጥፍኡ፡ ኣብ መንጎኦም ክካሰሱ ይጅምሩ። ሓው ኣብ ሊዕሊ ኃው መቕተልቲ ንርኢ። ሰላም ብመድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተዋህበና ህያብ ኣምላክ ኢዩ።

እግዚአብሔር ኣብ ቅድሚ እምቢይታ ወይ ዘይምእዛዝ ናይ ደቂ ሰባት ንፍጡራቱ ክድርቢዮም ኣይርከብን። እንታይ ደኣ ምስ ፈጣሪኦም ንኽዓርቆም መገዲ ይፈጥር። ሓደ ምሳሌ እሞ ንውሰድ፡- Navigatore እሞ ንውሰድ ናብቲ እንደሊዮ ቦታ ንኽንበጽሕ ኣድራሻ ንህባ፡ በዚ ኣድራሻ ክአ ንጸጋም ንየማን እንዳበለት ትመርሓና። ንየማን እንዳበለትና ንጸጋም ምስ እንኸይድ፡ ንጠፍእ። ግና ካብቲ ዝጠፋእናዮ ጀሚራ እንደገና ንጸጋም ንየማን እንዳበለት ኣብቲ ቦታና ተብጸሓና። ልክዕ እግዚብሔር ኣምላኽናውን ከምኡ ኢዩ።

‘*እነ መንገዲን ሓቅን ሕይወትን ኢየ*’ ኢሉና ኢዩ። ግና ደቂ ሰባት ድኹማት ስለዝኾና ነዚ መገዲ እዚ ንስሕት። ኣምላኽና ግና ብዝተፈላለየ መገዲ እንደገና ናብቲ ቅኑዕ መንገዲ ንኽንምለስ ይመርሓና። እግዚአብሔርውን ወዲ ሰብ ኣብ ኃጢአት ምስ ወደቀ ነቲ ሓደ ወዱ ብምልአኽ ናይ ድሕነት መአዲ ሰርዓልና።

ክርስቶስ *“ገበርቲ ሰላም፡ ውሉድ ኣምላኽ ኪበሃሉ እዮም እሞ፡ ብጹዓን እዮም።”* ገበርቲ ሰላም፡ ንኽንከዊን ጥራይ ኣይመዓደናን፡ ኣይጸወዓናን። እንታይ ደአ ብሕይወቱ ቃላቱንውን ብከመይ ገበርቲ ሰላም ንከውንውን ከም ዘለናውን ምሂሩና ኢዩ።

ንሓዋሪያቱ ከምዚ በሎም “ሰላም እኃድገልኩም ኣሎኹ፥ ሰላመይውን እህበኩም ኣሎኹ። እቲ ኣነ ዝህበኩም ዘሎኹስ ከምቲ ዓለም እትህቦ ኣይኮነን፤ ኣይትሸበሩ፥ ኣይትፍርሁ”። *ዮሓ.14፡27*

ሰላም ክርስቶስ ልዕሊ ኩሉ ኢዩ። ዕርቂ ምስ ኣምላኽን ምስ ኣኃዋትን ኢዩ። ሓደ ካብቶም ፍረ መንፈስ ቅዱስ ኢዩ። ህድአት ናይ ሓንጎልና ኢዩ። ዕርፍቲ ነፍስና ኢዩ። ፍቕሪ፡ የውሃነት ናይ ልቢ፡ ሕብረት ኢዩ። “ንሱ ነቲ ኣብ መንጎ ዝነበረ፥ ናይ ጽልኢ ከልካሊ መንደቕ ብሥጋኡ ብምፍራስ፥ ነቶም ክልተ ሓደ ዝገበረ፥ ሰላምና ኢዩ”። *ኤፌ.2:14*

ዝለዚ ከምቲ አቀዲምና ዝበልናዮ ንሱ ሰላምና ኢዩ። ክርስቶስ አብዚ መገዲ ሰላም ይምህረና። እቲ ናቱ ሰላም ውጽኢት ዓወት ኢዩ ነሩ። ወታሃደራዊ ዓወት ዘይኮነ መንፈሳዊ ዓወት፤ እቲ ንሱ ዝምህሮ መገዲ ሰላም እምበአር ዓወት አብ ርእሲ ገዛእ ርእስና ደአምበር ዓወት አብ ርእሲ ካልኦት አይኮነን። ንገዛእ ርእስና ምምላኽ ኢዩ።

"አብ መስቀል ተሰቒሉ ብሙማት ነቲ ጽልኢ ደምሰሶ፥ ንኽልቲኦም ድማ ሓደ ብምግባር ከአ ብመስቀሉ ምስ አምላኽ አተዓረቖም። *ኤፌ. 2፡16*

ቀጺሉ ኸአ "ንአኻትኩም ነቶም ርሑቓት ዝነበርኩም ሰላም አበሰረኩም፥ ነቶም ቀረባ ዝነበሩ ኸአ ሰላም አበ ሠሮም"። *ኤፌ.2:17* ብዙሕ ግዜ ምስቶም አብ ቀረባና ዘለዉ ሰላም ንምግባር እቲ ዝበርተዓ ኢዩ ካብቶም ዝረሓቑ። ብኸመይ ኢና እምበአር ንሕና ከም ክርስቶሳውያን መሳርሕቲ ሰላም እንኸውን፧ አየናይ አብነት ንከተል፧ "እቶም ዝአምኑ ኹላቶም ሓደ ልብን ሓደ ሓሳብን ነበሩ" *4፡32* አብዚ ግና ሓገዝ መንፈስ ቅዱስ ይድሊየና

ቅዱስ ኣጎስጢኖስ፡ ካብዚ ዝስዕብ ቃል አምላኽ ተበጊሱ ከምዚ እናበለ ይምህር፡- *ዘፍ.11,3-4 ግ.ሓ.2:11*፡ አብ ዓለም ክልተ ከተማ አለዋ ይብል፡- ቀዳመይቲ ባቢሎን ተባሂላ እትጽዋዕ ናይ ሰይጣን ከተማ፡ እታ ካልኤይቲ ድማ ኢየሩሳሌ ተባሂላ እትጽዋዕ ናይ እግዚአብሔር ከተማ።

እታ ቀዳመይቲ አብ ፍቕሪ ርእሲ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ዝተሃንጸት፡ ስጋብ ንእግዚአብሔር ምንዓቕ ዝበጽሐት ክትከውን ከላ፡ እታ ካልኤይቲ ግና አብ ፍቕሪ እግዚአብሔር ዝተሃንጸት ኮይና ስጋብ ገዛእ ርእስካ መስዋዕቲ እትሓትት ኢያ። እዘን ክልተ ከተማታት ስጋብ ምጽአት ዓለም ንነፍሲ ወከፍና ክፉታት ኢየን፡ ነፍሲ ወከፍና ከአ አየነይቲ ተቐቢሉ ሕይወቱ ከምዝመርሕ ናቱ ምርጫ ይከውን።

*አባ ሓጎስ ተስፋጋቢር*

# ብዛዕባ ምሥጢራት ዝርኢ መምርሒ!

## ስቡ

## ምሥጢረ ጥምቀት

1ይ. ንምሥጢረ ጥምቀት ዝርኢ አቀዲምካ ቅድሚ ወርሒ ንቆሞስ ሓቢርካ፡ ብአካል አብ ቤተክርስቲያን መጺኻ ምዝርራብ ቀጥዒ {Form} ምምላእ የድሊ።

2ይ. እቲ ቀዳማይ አቦ ጥምቀት/አደ ጥምቀት ዝኸውን/እትኸውን አማኒ ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ክኸውን አለዎ። ካብኡ ወጻኢ ቅቡል ከምዘይኮነ አቐዲምና ክንሕብር ንፈቱ።

3ይ. አቦ ጥምቀት/አደ ጥምቀት ዝኸውን/እትኸውን ካብ አባል ቁምስና መድኃኔ ዓለም ወጻኢ ምስዘይኸውን/ ምስዘይትኸውን ካብ ቁምስናኡ /ቁምስናአ ወረቐት ምስክርነት ከምጽእ/ከተምጽእ ይግባእ።

ብዘይ ምስክርነት ናይ ቁምስና ወላ አማናይ ካቶሊክ ይኹን/ትኹን ብዘየገድስ አቦ ጥምቀት/አደ ጥምቀት ክኸውን /ክትከውን አይከአልን፡፡

| ንምሥጢራት ካልእ ጉዳይ ንምዝርራብ ወትሩ |
| --- |
| ረቡዕ |
| 10 am -5pm |
| ዓርብ |
| ካብ 3 pm – 5 Pm |

## ምሥጢረ ቁዱስ ቁርባን

### ንምሥጢረ ቁዱስ ቁርባን ዝርኢ:-

1ይ - ዝተጠምቀ ክኸውን አለዎ፤

2ይ - እንተ ወሓደ አብ ቁምስና መድኃኔ ዓለም ብዝግባእ ትምህርቲ ክርስቶስ ዝተማህረን ዝተኸታተለን፤ ወይ ድማ ብዝተፈላለየ መንገዲ አብ ቁምስና መድኃኔ ዓለም ክከታተል ክመሃር ዘይከአለ፡ እንተኾነ አብ ካሊእ ቤተክርስቲያን ወይ ቁምስና ብዝግባእ ዝተማህረ፡

ካብቲ ዝተማህረሉ ቁምስና መሰነይታ ምስክርነት አቀዲሙ ብምቕራብ መጀመርታ ቁዱስ ቁርባን ክቕበል ይኽእል። ተወሳኺ ካብዚ ዝተፈለየ ምኽኒያታት እንተሎ ኸአ አቀዲሙ ምስ መማህራን ትምህርቲ ክርስቶስን ቆሞስን ይዛተ።



## ምሥጢረ ሜሮን ዝቕበል




1ይ - ዝተጠምቀ ክኸውን አለዎ፤

2ይ - ቅዱስ ቁርባን ዝተቐበለ፤

3ይ - እንተ ወሓደ አብ ቁምስና

መድኃኔ ዓለም ብዝግባእ ትምህርቲ ክርስቶስ ዝተማህረን ዝተኸታተለን፡ ወይ ከአ ብዝተፈላለየ መንገዲ አብ ቁምስና መድኃኔ ዓለም ክከታተል ክመሃር ዘይከአለ፡ እንተኾነ አብ ካሊእ ቤተክርስቲያን ወይ ቁምስና ብዝግባእ ዝተማህረ፡ ካብቲ ዝተማህረሉ ቁምስና መሰነይታ ምስክርነት ቅዱስ ቁርባን ከምዝተቀበለ አቀዲሙ ብምቕራብ ምሥጢረ ሜሮን ክቕባእ ይኽእል። ዝተፈለየ ምኽኒያታት እንተሎ ኸአ አቀዲሙ ምስ መማህራን ትምህርቲ ክርስቶስን ቆሞስን ይዛተ።




## ብሥራት (ደሃይ)

በዓለ ትንሣኤ ብዝሒ ሕዝብ ዝተሳተፎ 19 ሚያዚያ 2025 ብክብሪ ተከቢሩ ውዒሉ፡፡ ካብዚ ቀጺልና ናይቲ መ ዓልቱ

ዝነበረ አስተንትኖ ቃል አምላኽ ነቅርበልኩም፡-

ትንሣኤ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ በዓላትና ኮይኑ: እዚ ከኣ ኢቲ ክርስቶስ ንሞት ስዒሩ ናብ ሰማይ ዝዓረገሉ ኢና እንዝክር። በገላልጻ መጽሓፍ ቅዱስ እዚ ሓቂ እዚ ድሕሪ ሞቱ፡ ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ክውን ኮይኑ። እዚ ናይ ክርስቲያን ትንሣኤ ምስቲ ናይ ዕብራውያንውን ፋሲካ ዝተተሓሓዘ ኢዩ።

ፋሲካ ዕብራውያን ነቲ እግዚኣብሔር ሙሴ ሊኢኹ ካብ ባርነት ወይ መግዛእቲ ግብጻውያን ነጻ ዝወጽሉ መዓልቲ ክዝክሩ ከለዉ፡ ትርጉም ፋሲካ ኣብ ዕብራውያን ምስጋር - ምግዳፍ - ጠጠው ምባል የስምዕ።

እቲ መሰረታዊ ትርጉሙ ብእምነት ክርስትና ይልውጥ። እቲ ካብ ባርነት... ካብ ገዛእቲ ነጻ ምውጻእ: ናብ ናጽነት: ናብ ሓርነት ምስጋር ዘስምዕ ዝነበረ፡ ካሊእ ትርጉም ሒዙ ይርከብ። ፋሲካ ማለት ምስጋር ... ምስጋር ግና ካብ ሞት ናብ ሕይወት ምስጋር ናብ ሓደ ሓድሽ ሕይወት ብክርቶስ፡

ንባሕሪ ሞት ሲዒርካ ሓድሽ ሕይወት ለቢስካ ዳግም ምትንሳእ ንሕና ነፍሲ ወከፍና ከኣ ነቲ ዝተንስአ ክርስቶስ ብምእማና ብስሙ ብደሙ ብምጥማቕና ንክርስቶስ ከም ጎይታና ወናኒ ሕይወትና ንኽኸውን ቃል ኣቲና ኢና።

ኣቶም ብክርስቶስ ዝተጠመቕና ዘበልና፡ ኩላትና ብሞቱ ኸም ዝተጠመቅናዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም? እምበኣር ከምቲ ክርስቶስ ብኽብሪ ኣቦ ካብ ምውታት ዝተንስአ፥ ከምኡ ኸኣ ንሕና ብሓዳስ ሕይወት ምእንቲ ኽነብር፥ ብጥምቀት ምስኡ ሞትናን ተቀበርናና። ምስኡ ሓቢርና እንተደኣ ሞይትና ምስኡ ሓቢርና ከም እንትንስእ ርግጽ እዩ። ደጊም ንሓጢኣት ከይንግዛእ፥ እቲ ሓጥእ ሰብነትና ምእንቲ ኺጠፍእ፥ እቲ ኣረጊት ሰብነትና ምስኡ ኸም ዝተሰቕለ ንፈልጥ ኢና። ንህና ምስ ክርስቶስ ካብ ሞትና፥ ምስኡ ድማ ብህይወት ከም እንነብር ንኣምን ኢና። *ሮሜ.6:3-11*

ከምቲ እቲ ሓዋሪያ ዝበሎ ከኣ ነዚ ዝተንስአ ክርስቶስ ብምእማን ንዓለም ድንቁርናን ዕሽነትን፡ ንዓና ንክርስቲያን ነቶም ብስሙ ዝተጠመኽና ግና መሰርት ኣምነትናን - ምንጪ ናይ ሕይወትና ኢዩ። ኣሕዋት ብግዜ ክርስቶስ ብዙሓት ኣይሁዳውያን ናብ ዘለዓለማዊ ሕይወት

ዚወስድ መንገዲ ንምርካብ ንቅ. መጽሓፍ ኣዲቂቆም ክምራምሩ ንርኢ:

ነዞም ክምዚ ዘኣመሰለ እምነት ዝነበሮም ግና ነቲ ሓቂ ክበጽሕዎ ዘይከኣሉ: ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዚ እንዳበለ ክግስጾም ንርኢ።

"እቲ ዝለኣኸኒ ኣቦይ ባዕሉ መስኪሩለይ ኣሎ። ንስኻትኩም ድምፁ ከቶ እይሰማዕኩምን፡ መልክዑውን ከቶ ኣይረኣኹምን። በቲ ንሱ ዝለኣኾ ስለ ዘይኣመንኩም፡ ከኣ ቃሉ ኣባኹም ኣይኃደረን። ናይ ዘልዓለም ሕይወት ኣብኣተን እትረኽቡ መሲልኩም ነተን ቅዱሳት መጻሕፍቲ ትምርምርዎን ኣሎኹም፡ ግዳስ ንሳተንውን ነኣይ ኢየን ዚምስክራለይ። ሕይወት ምእንቲ ክትረኽቡ ናባይ ክትመጹ ኣይትደልዩን ኢኹም *(ዮሓ 5፡37-40)*

መንገድን ሕቅን ሕይወትን ኣነ እዩ። ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ኣበይ ዚመጽእ የልቦን። *(14፡6)*

ናይ ክርስቶስ ኣብ ዓለምና ምምጻእ: ዋና ትርጉሙ ወይ ዋና ዓላማኡ: ሰባት ሕይወት ምእንቲ ኽረኽቡ፡ ምልኣት ዘለዎ ሕይወት ምእንቲ ክረኽቡ: ደቂ ሰባት ምስ እግዚኣብሔር ዕርቂ ምእንቲ ክገብሩ ኢዩ። ኣብ መንጎ እግዚኣብሔር ሰብን ኪዳን ምሕረት ንምትካል ኢዩ። ምልኣት ሕይወት ክህብ ክእለት ዘለዎ ኸኣ ንሱ ዘለዓለማዊ ቃል ካብ መጀመሪያ ምስ እግዝኣብሔር ዝንበረን: ንርእሱ ቃል እግዝኣብሔር ዝኾነን ኢዩ። ስለዚ ኢዩ ኸኣ ሕይወቱ ምእንቲ ናይ ነፍሲ ወከፍና ኣሕሊፉ ዝሃበ።

"ንሱ ብባሕሪኡ ኣምላኽ እካ እንተኾነ፤ ነቲ ምስ ኣምላኽ ዝነበሮ ማዕርነት ኣይገድፍን ቢሉ ኣይተኸራኸረን። እንተኾነ ሰብ ብምኻን፡ መልክዕ ባሪያ ብምውሳድ፡ በገዛእ ፍቓዱ ንርእሱ ደኸ፡ ገብረ፤ ንርእሱ ትሕት ብምባል ክአ ክሳብ ሞት፤ ኣረካ ደአ ክሳብ ኣብ መስቀል ምማት ተአዘዘ" ። *ፊል.2:6-8*

ንስኻትኩም ነዚ ኢኹም ዝተጸዋዕኩም፥ ክርስቶስ ድማ ኣሰር ኣሰሩ ምእንቲ ክትስዕቡ ኢሉ ምእንታኻትኩም መከራ ተቐበለ፥ ኣርኣያውን ኃደገልኩም፥ ንሞት ምእንቲ ክስዕሮ ሞተ፤ ንሙታን ሕይወት ምእንቲ ክህብ ሞተ።

ንሱ ኃጢኣት ኣይገበረን፥ ሓሶትውን ኣብ ኣፉ ኣይተረኽበን። ምስ ጸረፍዎ መሊሱ ኣይጸረፈን፥ መከራ ማጽገብዎ ኸኣ ንቲ ብቕንዕና ዚፈርድ ኣምላኽ ደአ ነገሩ ኣሕሊፉ ሃበ እምበር ኣየፈራርሀን። ካብ ሓጢኣት ርሒቕና ብጽድቂ ምእንቲ

ኽነብር ንሱ ባዕሉ ንኃጢአትና በቲ ኣብ መስቀል ዝተሸንከረ ሰብነቱ ፆሮ። ከምቲ ኣብ ወንጌል ዝሰማዕናዮ: ፡

በታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ሰሙን .. እዚ ኣብቲ ናይ ሓዋርያት 20:7 ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይ ሰሙን እንጌኔራ ክቆርሱ ዝተኣከቡ ቀዳሞት ክርስቲኣያን የዘኻኽር፤ ቀዳማይቲ መዓልቲ ሰሙን ናይቲ ዝመጽእ ሰሙን ሓዲሽ መገዲ ዝከፍት ኢዩ። እዚ ናበይ እዩ ዝወስደና እንተበልና ናብቲ ሰሙን ናይ ፍጥረት። *ዘፍ1:3*

ሽዑ ኣምላኽ ብርሃን ይኹን በለ። ብርሃን ድማ ኮነ። ኣምላኽ ከኣ ንብርሃንን ጸልማትን ፈለዮም። ኣምላኽ ድማ ነቲ ብርሃን ‘መዓልቲ’ ኢሉ ሰመዮ። ነቲ ጸልማት ከኣ ‘ለይቲ’ ኢሉ ሰመዮ። ምሸት ኮነ፥ ብጊሓትውን ኮነ፥ ቀዳመይቲ መዓልቲ።

እቲ መጀመሪያ ተኣምርታዊ ስራሕ ናይ እግዚኣብሔር: በታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ብርሃን ይኹን እንዳበለ ስርሑ ይጅምር። ከምኡውን እቲ ትንሣኤ ናይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብቲ ቀዳማይ መዓልቲ ናይ ሰሙን ምኻኑ ወንጌል ይዛረብ።

እዚ መዓልቲ ከኣ ንዓለም ሓደ ሓዲሽ ብርሃን: ሓድሽ ዘበን ይኸፍት: ብርሃን ብትንሣኤ ክርስቶስ እንደገና ንዓለም የሕድሳ: ብርሃን ይህባ።

ትንሣኤ ክርስቶስ እምበኣር ሓድሽን ሓያልን ተግባር እግዚኣብሔር ኮይኑ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ታሪኽ ወዲ ሰብ ሓዲሽ ምዕራፍ ይኸፍት። ወዲሰብ ኣብቲ መሎኮታዊ ሕይወት ናይ ኣምላኽ ይሳተፍ።

ማሪያም መግደላዊት ገና ጸልማት ከሎ፥ ኣንጊሃ ናብቲ መቓብር ትኸይድ። ሓዋሪያት ከይተረፉ ኣብ ጥርጥርን ተስፋ ምቑራጽን ኣብ ዝነበሩሉ ግዜ ንሳ ግን ናይ መጀመሪያ ናይ እምነት ጉዕዞ ናብ መቓብር ትገብር።

እቲ እምኒ ከኣ ካብ ኣፍ መቕብር ተፈንቂሉ ረኣየቶ። ካብዚ ሓሊፉ ግና ክትርኢን ነቲ ሓቂ ክትበጽሖን ክትርድኦን ኣይከኣለትን፤ክርስቶስ ክትንስእ ከምዝኾነ ግና ገና ክትበጽሖ ኣይከኣለትን። ምኽንያቱ ገና ብርሃን ናይ እምነት ኣይነበራን።

ስለዚ ናብ ስምኦን ጴጥሮስን ናብቲ ኢየሱስ ዘፍቅሮ ኻሊእ ወዲ መዝሙርን መጺኣ፡ “ንጎይታና ኻብ መቓብር ወሲዶሞ እንዳበለት ክተዘንትወሎም ተረኽበት። ኣብዚ እቲ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነቲ

ኩሉ ብሕይወቱ ከሎ ዝመሃሮን ዝተናገሮን ዝዝክሮን ዝርድኦን ሰኣነ።

ነዚ ናይ ወድስ ሰብ ድኻም ኣብ ቅድሚ እቲ ተኣምር ዝኾነ ምስጢረ ወይ ስራሕ እግዚብሔር ባዕሉ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ጥራይ ኢዩ ክገልጾ ነሪዎ።

ኣብዚ ኣብቲ መቓብር ተረኺቡ መድሓኒና ኢየሱ ክርስቶስ ንማሪያም መግደላዊት "ኣቲ ሰበይቲ እንታይ ትደሊዩ ኣለኺ" እንዳበለ ክሓታ ይርከብ። ንሳ እወ ነቲ ዝሞተ ክርስቶስ ትደሊ ነበረት: ነቲ ትንሣኤ ሙታን ዝኾነ ክርስቶስ ነቲ ምንጪ ሕይወት ዝኾነ ክርስቶስ።

ትንሳኤን ሕይወትን ኣነ ኢየ፡ እቲ ብኣይ ዚኣምን እንተሞተኳ ብሕይወት ክነብር ኢዩ። እቲ ብኣይ ዘኣምን ሕያው ዘበለ ኵሉ ንዘልዓለም ኣይኪመውትን ኢዩ። ብሓቂ ክርስቶስ ምንጪ ሕይወት ብምኳኑ ንሞት ሲዒሩ ናብቲ ዝተዳለወሉ ክብሪ ከምዝተሳገር ግን ከምቲ ኣቀዲምና ዝረኣናዮ ዝዝክሮን ዝበጽሖን ሰኣነ። እወ ክርስቶስ ብዓወት ንሞት ሲዒሩ ብምትንሳኡ ከበረ።

ንሕና ከኣ ካብቲ ንዘመናት ኣሲሩና ዝነበረ ማእሰርቲ ሓጢኣት ሞት ብክርስቶስ ሓራ ወጺእና ተሳተፍቲ ሰማያዊ ርስትን ዘለዓማዊ ፍስሃን ኮይና ንርከብ።

ኢየሱስ ብምትንሣኡ "ናይቶም ዝሞቱ ቦኽሪ ትንሣኤ ኮነ። ስለዚ ከምቲ ሞት ብሓደ ሰብ ዝመጸ፣ ከምኡ ከኣ ትንሣኤ ሙታን ብሓደ ሰብ እዩ ዝመጸ። ከምቲ ኩላቶም ብኣዳም ዝሞቱ ከምኡ ድማ ኩላቶም ብክርስቶስ ሕያዋን ክኾኑ እዮም" *(1ቆሮ 15፡20-22)* ። ብምባል ርሑስ በዓለ ትንሳኤ ብምምናይ ናይ መዓልቱ ኣስተንትኖ ዛዘሙ።

## ንግደት ደቂ ቅዱስ ኣንጠኒዮስ

ዕለት 12 ሚያዚያ 2025 ማሕበር ደቂ ቅዱስ ኣንጠኒዮስ: ብማሕበር ተጠርኒፈን ብምኽንያት ዓመት እዮቤል ናብ ዋሽንግቶን ድሲ ንግደት ፈጺመን።



አብዚ ብመምህረን ተሰኒየን ዝገበርኦ ንግደት አብ ቅድሚ ቤት ጸሎት ናይ ሓባር መቕጸሪያ ብምብጻሕን፡ ስርየት ሓጢአትን ብራኬን ብምቕባልን ናይቲ መዓልቱ ንግደት ፈጺመን።

## ብምኽኒያት ኢዮቤል ስሬት ኃጢአት ንምርካብ ንግደት ቁምስና መድኃኔ ዓለም



ብምኽኒያት ዓመት ኢዮቤል ብዕለት 26 ሚያዚያ 2025 ቁምስና መድሃኔ ዓለም ናብ ግሮቶ ንግደት ፈጺሙ።



አብቲ ቦታ ሰዓት 11 ናይ ንግሆ ብምርካብ፡ ናይ አባ ሓጎስ ተስፉጋብር መእተዊ ጸሎትን ዕላማ ንግደትን ድሕሪ ተዋሂቡ፡ አብ ቅድሚ ግሮቶ ናይ መቕጸሪያ ጸሎት ብደናግል ተመሪሑ ተጸሊዩ። ቀጺሉም ቦታ ብምቕያር ካልአይ መቕጸሪያ ብምብጻሕ፡ ልክዕ ሰዓት 12 መስዋዕተ ቅዳሴ ብምዕራግ ናይ መዓልቱ ውደት ተፈጺሙ።



ቀጺሉ በተን ውፉያት አዴታትን አሕዋት ዝተዳለወ ምሳሕ ተአንጊዱ፡ እንዳ አመንሰገነ ነናብ ቤቱ ብሰላም ተመሊሱ።

## ዓመታዊ በዓለ አዴና ብጽዕቲ ሮዛ




ዓመታዊ በዓለ አዴና ብጽዕቲ ሮዛ ብዕለት 4 ግንቦት 2025 ብኽብሪ ተባዒሉ ውዒሉ።

እቲ ብዕለት 25 ሚያዚያ ዝጀመረ ጸሎት ታስዕቲ፡ ዕለት 4 ግንቦት 2025 ብመስዋዕተ ቅዳሴ ተዛዚሙ።

ዝቅጽል ብሕጽር ዝበለ አብተን ቀዳሞት መዓልታት ጸሎት ታስዕቲ ዝተገብረ አስተንትኖ ነቕርበልኩም።

አብ ግንቦት፡ ዝብዕል ዓመታዊ ጽምብል ንብጽዕቲ ኣዴና ዝተወፈየት በዓል - እዚ በዓል እዚ ፋሲካ አዴና ብጽዕቲ ሮዛ እነብዕለላ መዓልቲ እያ። ንኹልና ናይዚ ቅድስቲ አደ ስድራቤት ዝኾነ ከአ መንፈሳውነትና ዘበራትዕ ዘሕድስ ዘዕቢ ሓጎስ ዝፈጥር ምኽንያት እዩ።

አብዚ ዕለት እዚ እምበአር ብንጹሕ ልብና ብሓጎስ ተመሊእና ኣብዘን ትቸዓተ መዓልታት፡ ብአአ ጌሩ ብሉጽ ዝኾነ አብነት ክርስቲያናዊ ሕይወት፡ ምንኩንስናዊ ሕይወት፡ ከምኡ'ውን መስትያት ቅድስና፡ ዝሃበና ንጐይታ "ክነመስግን" ንዕደም፡ ብምባል አባ ሓጎስ ዕድመአ የቕርቡ።

ቀጺሎም ብፍላይ ንዓና ንደቃ ነቲ ናታ መንፈሳውነት ክንለብስ፡ ከምኡ ድማ "ምስ ክርስቶስ ኣብ ምስጢረ ድኽነቱ ምኽታል፡ ምስዓብ፡ ዝብል መንፈሳውነት አዴና ብጽዕቲ ሮዛ ኣብ ቤተ ክርስቲያንን ኣብ ዓለምን ክዝርጋሕን፡ ንኽቕጽልን ጸዋዕታና እነሕድሰሉ ቅዱስ ግዜ እዩ።



አብቲ ቀዳማይ መዓልቲ ናይ አስተንትኖ ኣዴና ብጽዕቲ ሮዛ ምስ ቅድስት ስላሴ ዝነበራ ርክብ ክነስተንትን ክኢልና። እቲ እግዚአብሔር ብእየሱስ ጌሩ

ዝገለጾ ሰለስተ አካላት፡ ኣብ፡ ወልድ መንፈስ ቅዱስን ከምኡ'ውን እግዚኣብሔር ከም ፍቕሪ፡ ብሚስጢራዊ መንገዲ 'ገጹ" ንኣገልጋሊቱ ክግለጸላ ደለየ።

ነቲ ደረጃ ግልጸት ናይ እግዚብሔር ኣብ ሕይወት አዴና ብጽዕቲ ሮዛ - ተመክሮ ቅድስቲ ሥላሴ - ኣብቲ ምሥጢራዊ ሕይወት አዴና ብጽዕቲ ሮዛ ድሕሪ ኣስታት ሸሞንተ ዓመት ኣብ ምሥጢር ክርስቶስ ሱር በተኻዊ ተሳትፎኣ እዩ ዝፍጸም።

እዚ ግልጸት እዚ ኣብ ልቢ - ሕይወት ነፍሲ ወከፍና ምእንቲ ክግለጽ ኸእ ከምቲ የሱስ ዝብሎ፡ ነቲ ናይ ስላሴ ህላወ ኣብ ሕይወትና ንኽስተነማቕር ፡ ኣብ ዓሚቝ ደረጃ ፍቕሪ ክንበጽሕ ኣለና፡

"ኢየሱስ ድማ ኸምዚ ኢሉ መለሰሉ፦ "እቲ ዜፍቅረኒ ቃለይ ኪሕሉ እዩ፥ ኣቦይ ከኣ ኬፍቅሮ እዩ፥ ናብኡ መጺእና ድማ ኣብኡ ማኅደር ክንገብር። *ዮሓ. 14, 23* ብዝብል ትምህርቲ ቃል ወንጌል ናይቲ ቀዳማይ መዓልቲ ኣስተንትኖ ዛዚሞም።



ኣብ ካልኣይ መዓልቲ ኣስተንትኖና ፡ሓደ መዳይ ናይ ኣዴና ብጽዕቲ ሮዛ ምስ ዘለኣለማዊ ኣቦ ዝነበራ ርክብ ኣስተንቲና። ንሳ ኣብቲ መዓልታዊ መንፈሳዊ ሕይወታ ነቲ መሓሪ ዝኾነ ገጽ እግዚኣብሔር ኣቦ ትደሊ ነበረት። እቲ ዘለኣለማዊ ኣቦ እቲ 'ብርሃን ገጹ' ምስ ገለጸላ ግና ብህላወኡ መልአት። እቲ ዘለኣለማዊ ኣቦ ኣብቲ መወዳእታ ደረት ዘይብሉ ምሕረቱ 'ብፍሽኽታ ርእሱ እናገለጸ' ንኣደና ብጽዕቲ ሮዛ ኣብቲ መለኮታዊ ሕይወቱ ንምስታፍ ሃብታም ዝኾነ ዕድል ይህባ።



ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ጸሎት ታስዕትና፡ ብዛዕባ ሓደ ካብቲ ኣዝዩ ዘደንቕ መዳያት ሕይወት ኣዴና ብጽዕቲ ሮዛ፡ ምስቲ ምእንቲ ድኅነትና ዝተሰቕለ ሰናየይ ወይ ጽቡቐይ እናበለት እትጽውዖ ዝነበረት ክርስቶስ ኣምላኽና ዝነበራ ርክብ ዝምድና" ኣስተንቲና።
እግዚኣብሔር ኣቦ ንኣዴና በጽዕቲ ሮዛ ምስ ፍቑር ወዱ ንምልላይ ዘለዎ ልዑል ድሌት፡ በዚ ዓሚቕ ምሥጢራቱ ኣቢሉ፡ ብፍሉይ መንገዲ ይግለጸላ።

ንሳ ነቲ ታሪኻዊ ዝኾነ ናይ ዝተሰቕለ ኣምላኻ ጥራይ ዘይኮነ፡ እንታይ ደአ ኣብቲ ምሥጢራዊ ስቕለት ክርስቶስ ምስኡ ዝነበራ ፍቕራዊ ርክብ ብሕይወታ ብምስታፍ ኣብ ምስጢር ስቕለት ትነብር። እዩ፣ ካብኡ ድማ ነቲ ኣብ ሕይወታ ዘጋንፋ ሓጐስን ህያባትን ኣምላኽን ጥራይ ዘይኮነስ፣ ነቲ ቃንዛ ደቂ ሰባትን ናይ ገዛእ ርእሳ መከራን መስቀልን ትርጉም ንምሃብ ትመሃር።

ካብ ኢየሱስ፡ ኣብ መዓልታዊ ሕይወታ ኸአ ንመከራ ከም ሓደ ተሳትፎ ኣብ ስቓይን እቲ ዘሕፍር ሞትን፡ ፍጹም መስዋእቲ፡ ከምኡ'ውን ሓድሽን ዘለኣለማውን ኪዳንን ምፍቃር ካብ እየሱስ ትማሃር።

ኣብ ራብዓይ መዓልቲ ጸሎት ታስዕትና፡ ብዛዕባ ርክብ ኣደና ብጽዕቲ ሮዛ ምስቲ ኣመሓዳሪ መንፈሰይ ኢላ እትጽውዖ መንፈስ ቅዱስ ዝነበራ ርክብ ኣስተንቲና።

እግዚኣብሔር ኣቦ ንኣዴና ብጽዕቲ ሮዛ ኣብ ሕይወት ክርስቶስን ወዱን ክብሩን ተሳታፊት ንኽትገብራ ዝፈጠራ ኣብኣ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ይዋሳእ፡ ካብ ኩሉ ዘይመለኮታዊ ነገራት ፈልዩ ብፍሉይ ውህበት ይመልኣ: "ብፍቕሪ ቅድስትን መንቅብል ዘይብላ ንጽሕቲ ክትከውን" ብፍሉይ ጸጋታት ይመልእ።


ኣብ ቅድሚኡ ቕዱሳንን መንቅብ ዘይብሎምን ምእንቲ ኽንከውን ቅድሚ ምፍጣር ዓለም ኃረየና። *ኤፌ.1፡4*

እቲ ኢየሱስ ብዛዕባ ምልኣኽ መንፈስ ቅዱስ ዝሃቦ መብጽዓታት፡ ኣነ ኸኣ ነቦ ክልምኖ እየ፥ ንሱ ድማ ንዘለዓለም ምሳኻትኩም ዚነብር ካልእ መጸናንዒ ኺህበኩም እዩ። ንሱ ኸኣ ዓለም ዘይትርእዮን ዘይትፈልጦን ብም኿ና ኽትቅበሎ ዘይትኽእል መንፈስ ሓቂ እዩ። ንስኻትኩም ግና፥ ምሳኻትኩም ዚጋድር ኣባኻትኩምውን ዚነብር ስለ ዝኾነ፥ ትፈልጥዎ ኢኹም። *ዮሓ.14,16-17,*

እዚ መብጽዓ እዚ ኣብ ሕይወት አዴና ብጽዕቲ ሮዛ ክፍጸም ንረኽቦ። ኣብኣ ድማ ሓደ ናይቲ ዘፍቅራን ከም መደብ እግዚአብሔር ኣቦ ዝቐራርባን ዝነበረ መንፈስ ቅዱስ ኣመሓዳሪአ ምስክርነት ይረኽቡ።

*ዝተረፈ ኣብ ዝመጽእ ከነስፍሮ ኢና!*

## በዓለ ማሪያም ደዓሪት

በዓለ ማሪያም ደአዓሪት ብዕለት 18 ግንቦት 2025 ብኽብ ዝበለ ተዘኪሩ ውዒሉ።

አብቲ ሰዓት 10 ናይ ንግሆ ዝጀመረ መስዋዕተ ቅዳሴ ካብ ዝተፈላለየ ብዝመጹ ምእመናን ክሳተፍዎ ክ ኢሎም።

አባ ሓጎስ ድሕሪ ናይ ማሪያም ዕብየትን ክብርን ሓጺር መግለጺ ሂቦም፡ ካብቲ ኣብ ግብረ *ሓዋሪያት 2:43-ፍ* ዘሎ ብዛዕባ ናብራ ቀዳሞት ክርስቲያን ዘዘንቱ ተበጊሶም፡ ዕላማ ማሕበራት እንታይ ምዃኑ መብሪህን ትምህርትን ሂቦም።

'ብዙኅት እምርትን ተአምራትን ድማ ብኢድ ሓዋሪያት ተገብረ፡ ኣብ ኩሎም ከአ ፍርሃት ኮነ፤ እቶም ዝአመኑ ኾሎም ብኃባር ነበሩ። ዘለዎም ኩሉ ኸአ ብርኪ ነበረ። ንሳቶም ከአ፥ መሬቶምን ጥሪቶምን ሸይጦም፥ ንኹላቶም ከከም ዜድሊዮም ይመቕልዎም ነበሩ።

አብ ጸጽባሕ ኣብ ቤት መቕደስ ከየቃረጹ ብኅብረት ጸኒዖም ይእከቡ ነበሩ። አብ አባይቶም እንጌራ እናቆረሱ ኸአ ብታሕጋስን ብግሩህ ልብን ኣብ መአዲ ይሳተፉ ነበሩ። ንእምላኽ የመስግኑ ነበሩ፥ ኣብ ቅድሚ ኩሉ ሕዝቢ ድማ ሞገስ ነበሮም። እግዚአብሔር ከአ ዘድኅኑ ኣብ ጸጽባሕ ናብታ ማኅበር ይውስኽ ነበረ። *ግ.ሓ.2:43-ፍ*

ቤተ መቕደስ እቲ ማእከል ናይ ክርስቲያን ንጸሎት ዝእከብሉ ዝነበሩ ቦታ ኢዩ። እዚ ቤት ምቅደስ ጥራይ ግና አይነበረን ክርስቲያን ንጸሎት ዝእከብሉ ዝነበሩ። እንታይ ደአ ኣብ ገዛውቶምውን ይእከቡ ነበሩ።

አብ አባይቶም እንጌራ እናቆረሱ ኸአ ብታሕጋስን ብግሩህ ልብን ኣብ መአዲ ይሳተፉ ነበሩ።



ማሕበር ክርስቲያን ኣብ ኢየሩሳሌም እቶም ድሒሮም ዝመጹ ብቅዱስ ጳውሎስ ዝተፈጥሩ ማሕበር ክርስቲያንውን እንተኮኑ ሓደ ፍሉይ ዝኾነ ከምዚ ሎሚ እንርእዮ ዘለና ንስርዓት ኣምልኮ ዝኸውን ቦታ ኣይነበሮምን። በዚ ምኽንያት ንጸሎት ንካሊእ ክርስቲያናዊ ሕይወቶም ኣብ ገዛውቲ ይርከቡ ነበሩ።

እቶም ዝኣመኑ ኾላቶም ሓደ ልብን ሓደ ሓሳብን ነበሩ፡ ብኹሉ ብርኪ ነበሩ እምበር፥ ሓደ እካ ነቲ ገንዘቡ፥ “እዚ ናተይ እዩ” ዚብል ኣይነበሮምን። ሓዋርያት ከኣ ብዛዕባ ትንሣኤ ጎይታና ኢየሱስ ብዓቢይ ኃይሊ ይምስክሩ ነበሩ፤ ኣብ ኩሎም ከኣ ዓቢይ ሞገስ ነበረ። *ግ.ሓ.4.32*

ቤተክርስቲያን ኣብዚ ምድሪ እዚ፡ ሓደ ዝርእ ርእሲ ኣለዋ፡ ንሶም ከኣ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት፡ እቶም ንኽርስቶስ ዝውክሉ፡ ንሶም ምልክት ናይ ሕበርትና ሓድነትናን ኢዮም፡፡ መሰረት ናይዚ ሕብረት ከኣ ስላሴ ኢዩ፡፡

ኣቡናትና፡ቁምስናታትና ቤትምኽርና፡ማሕበራትና፡ ምእመናንና ኣብቲ ሓደ ሕዝቢ እግዚኣብሔር ተጠርኒፎምን ኣብ ትሕቲ ሓደ ርእሲ ኣብ ኣካል ክርስቶስ ተመስሪቶምን፡ መንነቶም ብዘየገድስ ከም መጠን ሕያው ኣባላት ነቲ ብሕያውነት ፈጣሪን ብጸጋታት መድኃንን ዘጥረይዎ ኃይሊ ተጠቒሞም፡
ኣብ ናይ ቤተ ክርስቲያን ምህናጽን ብቐጻልነት ምቅዳስን ከውዕልዎ ጽውዓት ኢዮም።

ጸዋዕታ ነፍሲ ወከፍና ብግሊ ይኹን ብማሕበር ተጠርኒፍና ኣብ ናይ ቤተክርስቲያን ግብረ ተልእኾ ድኅነት ምስታፍ ኢዩ።



ብምሥጢረ ጥምቀትን ሜሮንን ድማ ኩላቶም ምእመናን ነዚ ሓዋሪያዊ ስራሕ ብኀይታ ተሸይሞም ኢዮም።

ስለዚ ማሕበር እንታይ ማለት ኢዩ!

ንሓደ ዕላማ ብሓባር ንቕድስና ምጋዓዝ ማለት ኢዩ። ጸዋዓይ መን ኢዩ እግዚኣብሔር ባዕሉ ኢዩ።

'ሕዝቢ እግዚኣብሔር ብሓደ ሓቢሮም ክነብሩስ፥ ኣዝዩ ሰናይን ጥዑምን እዩ። ከምቲ ኣብ ርእሲ ኣሮን ዝፈሰሰ። ካብኡ ጀሚሩ ድማ ኣብ ጭሕሙን ኣብ ዘፈር ክዳኑን ጸረር ዝበለ ኽቡር ዘይቲ እዩ'። *መዝ.133*

ኣብ ነሕድሕድና ብፍቕሪ ተኣሳሲርና፡ መንነትና እነደልድለሉ እንገልጸሉን እዩ። ክርስቲያናዊ መንነትና ጥራይ ዘይኮነ እቲ ናትና ፍሉይ መለለዪ ከም ማሕበር/ቁምስና "ለቢስና ንዓለም ብሕብረት ምስክርነትና እንህበሉን ሕይወት እንዘርኣሉ እዩ።

እምበኣር ናይ ክርስቶስ ብምኻንኩም ኣተባቢዕኩም እንተ ደኣ ኾይኑ፡- ብፍቕሩ ድማ ተጸናኒዕኩም እንተደኣ ኾንኩም፡-ምስ መንፈስ ቅዱስ እውን ሕብረት እንተ ደኣ ኣልዩኩም፡- ከምኡውን ለውሃትን ርሕራሐን እንተ ደኣ ኣልዩኩም፡- ሓንቲ ሓሳብ ብምሕሳብ፡- ብሓንቲ ፍቕሪ ብምትእስሳር፡- ብሓደ መንፈስ ንሓደ ዕላማ ብምዕያይ፡- ንሓጎሰይ ምልኣት ህብዎ። *ፊል: 2.12*

በዚ መልእኽቲ እዚ ተሰኒና ብሕብረት ከነገልግል ከምዘለና ኣተሓሳሲቦም። ቀጺሎም ንኹለን ማሕበራት ነዚ ንዓስርተ ዓመት ዝአክል ኣብ ትሕቲ ቤተክርስቲያንን ብመምርሒ ቤተክርስቲያንን ተማእዚዘን ንዝገልገላናን ንዘገልግላና ዘለዋን፡ ብልቢ ነመስግን ብምባል ናይ መዓልቱ ኣስተንትኖ ዛዚሞም።



'ግበረ ታቦት - ኣብዚ ዝሓለፈ 2024 ዓ.ም ከፊልካዮ ከፊልኪዮ፧
ዓመታዊ ግብረ ታቦት - $520 እዩ።

## ሓቤሬታ ኣገልግሎት ቅዱስ ቁርባን፡ ምብጻሕ ሕሙማት፡ ብራኬታት ዝርኢ፡

| | |
|---|---|
| ረቡዕ - ምሉእ መዓልቲ - 10am - 5pm | |
| ዓርቢ - ናይ ምሸት - 2pm – 6pm | |

በዚ ዝስዕብ ደዊልና ኣገልግሎት ክንሓትት ንኽእል።

| | |
|---|---|
| ኣባ ሓጎስ ተስፋጋቢር | 571 - 598 - 9236 |
| የማነ ነጋሽ | 202 - 674 – 1013 |

### ብተወሳኺ

ንቕዳሴ

ዝርኢ ናብ የማነ ነጋሽ ብምድዋል ክንውክስ ትኽእል።

## ሓቤሪታ ድለባ ገንዘብ 2025

MedhanieAlem Ge'ez Rite ECC encourages automatic recurring deposits from your bank account to 501 to generate a continuous income source for the church and increase the creditworthiness.

እንግልገለሉ ህንጻ ቤተ ክርስትያን ንምግዛእ ኣብ ንጡፍን ግብራውን ስራሕ ስለዘለና፡ ነቲ ካብ ባንኪ እንልቅሖ ገንዘብ መታን ክንረክብ፡ እቲ ንድለባ ገንዘብ (FR) ነበርክቶ ዓመታዊ ክፍሊት፡ በብወርሑ መቒልና ናብ ባንኪ ሕሳብ ቁምስናና ብቐጥታ ከም ዝኸፈል ክንገብር ቤት ምኽሪ ብትሕትና ይሓትት።



ቁጽሪታት ሕሳብ ባንኪ ብውልቂ ክውሃብ ስለዘለዎ፡ ኣብቲ ኣብ ዓመታዊ ኣኼባና እነዝውሮ ወረቐት፡ ምሉእ ሽምኩምን ቁጽሪ ተለፎንኩምን ክተስፍሩ ብትሕትና ንሓትት።

'ግብረ ታቦት - ኣብዚ ዝሓለፈ 2024 ዓ.ም ከፊልካዶ ከፊልኪዶ፤ ዓመታዊ ግብረ ታቦት - $520 እዩ።

## ጸብጻብ ወፈያታት ሰናብቲ የካቲትን መጋቢትን


Sunday Donations

**ሚያዚአ/April 2025 ግንቦት/May 2025**

| | | | |
|---|---|---|---|
| 04 | $1,920 | 06 | $1,340 |
| 11 | $2,711 | 13 | $2,552 |
| 18 | $2,266 | 19 | $6,892 |
| 25 | $1,560 | 27 | $1,945 |
| Total | $8,457 | | $12,729 |

## ❖ መአዲ ቃለ - እግዚኣብሔር

ፍቅራት ሕዝበ እግዚኣብሔር "ሰብ ብንጀራ ጥራይ አይነብርን" *(ማቴ.4:4)* እሞ ምእንትዚ ነቲ አቀዲሙ ዝወሃበና ንባባት ሰናብቲ ብጸሎትን አስተንትኖን ብምንባብ አብ መአዲ ቃል-እግዚአብሔር ክንዓቢ፣ ወትሩ ክንጽዕር ይግበአና። አንሆ አምበአር ንባባት ሰናብቲ ወርሒ ሚያዚያን ግንቦት አስዒብና ነቅርበልኩም፡-



## ንባባት ሰነን ሓምለን 2025

### ንባባት ሰነ

**01 ሰነ/ June 2025**

**ዘዕርገት**

ሮሜ.10:1-13

1ጴጥ.2:20-ፍ

ግ.ሓ.1:7-11

ዮሓ.21:1-141

**8 ሰነ/ June 2025**

**ጴራቅሊጦስ**

1ቆሮ.12:1-12

1ዮሓ.2:12-15

ግ.ሓ.20:7-17

ዮሓ.16:23-32

**15 ሰነ/June 2025**

**ዓመታዊ በዓለ ቅ አንጠኒዮስ**

1ቆሮ.12:1-12

1ዮሓ.2:12-15

ግ.ሓ.20:7-17

ዮሓ.16:23-32

**22 ሰነ/June 2025**

**ዘዕርገት**

ኤፌ.1.17:1-ፍ

1ዮሓ.2:20-29

ግ.ሓ.10:36-ፍ

ዮሓ.15:7-19

## 29 ሰነ/June 2025

### ዘአስተምህሮ

ሮሜ.2:1-12

3ዮሓ.1:1-ፍ

ግ.ሓ.14:20-ፍ

ማቴ.22:1-14

## 6 ሓምለ/July 2025

### ዘክረምት

ዕብ.6:7-ፍ

ያዕ.5:12-ፍ

ግ.ሓ.27:6-15

ሉቃ.8:1-21

## 13 ሓምለ/July 2025

### ዘክረምት

1ቆሮ.15:31-44

2ጴጥ.2:17-ፍ

ግ.ሓ.14:8-18

ማቴ.13:1-12

## 20 ሓምለ/July 2025

### ዘዘርእ

2ቆሮ.9:5-ፍ

ያዕ.3:13-ፍ

ግ.ሓ.27:18-26

ማቴ.7:21-ፍ

## 27 ሓምለ/July 2025

ዕብ.11:1-10

2ጴጥ.2:1-9

ግ.ሓ.17:21-ፍ

ማቴ.24:36-ፍ

## ሰሙናዊ መደብ ቁምስናን

**መጀመሪያ ሰንበት** - ብመሪሕነት ምንቅስቃስ ተሓድሶ ናይ ጸሎት ጉጅለ ዝምራሕ ናይ ጸሎት መደብ

**ካልኣይ ሰንበት** - ናይ ወርሒ ሰዓት 2:00pm ዝጅምር ጸሎተ መቕጸሪያ

**ሳልሳይ ሰንበት** - ወትሩ ናብ መሎከታዊ ምሕረት ዚድገም መቕጸሪያ

**ራብዓይ ሰንበት** - ስግደት ኣብ ቁዱስ ቁርባን ሰዓት 2:00pm

## ወርሓዊ ናይ ጸሎት መደብ

| |
|---|
| ምንቕስቓስ ተሓድሶ መድኃኔ ዓለም ጉጅለ ጸሎት ቀዳማይ ሰንበት ናይ ወርሒ 12 pm |

## ሰሙናዊ መደብ ማሕበራት

1ይ - ሰሙን - ማ.መንእሰያት
2ይ - ሰሙን - ማ.ደቂ ብጽዕቲ ሮዛ
3ይ - ሰሙን - ማ.ደቂ ቅ.አንጠኒዮስ
4ይ - ሰሙን - ማ.ደቂ ኪዳነ ምኅረት

## ዓበይቲ በዓላትን ጉዳያትን ቁምስና 2025

### 8 June/ሠነ 2025

**በዓለ ጰራቅሊጦስ**

ሱባኤ፡ 10 AM

ቅዳሴ: 2 PM

### 15 June/ሠነ 2025



**ዓመታዊ በዓለ ቅዱስ አንጠኒዮስ**
ቅዳሴ - 9AM
ቦታ - አዳራሽ

### 28 June/ሠነ 2025

**ዓመታዊ በዓለ መድኃኔ ዓለም**
ቅዳሴ - 9AM
ቦታ - አዳራሽ

| ምልክታ |
|---|
| አዝመራ ጣፍ:- |
| ኩባንያ አዝመራ ጣፍ ካብ ዓማዊል ዝረኸቦ ዘሎ ግብረ-መልሲ ዕግበት እናመስገና፡ ሕጂ'ውን ስገምን ዳጉሻን ወሲኽና ኣብ ዝተፈላለየ ድኳናት ዝርግሐና ኣስፊሕና ከም ዘለና ነበስር። ብጅምላ ወይ ብጉጅለ ክትዕድጉ ንእትደልዩ ድማ ዋጋ ነጉድል ምኺና ንሕብር። |
| ንተወሳኺ ሓበረታ በዚ ዝስዕብ ቁ'ተለፎን ርኸቡና። |
| +12409456422 |

**አዳላዊ መጺሔት**
**አባ ሓጎስ ተስፋጋቢር**





# ኃበነ ንህበር በዘዚኣከ መንፈስ ቅዱስ

**Veni Sancte Spiritus | Come Holy Spirit | ንዓ መንፈስ ቅዱስ ንዓ**